ካብ በጀት ዓመት 2008 ዓ ም ንኣብያተ ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ መሳርሒ ፅሕፈት ፣ ኣቁሑት ፅሬት ፣ስራሕቲ ሕትመት ፣መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና፣ አቁሑተ ኤለክትሮኒክስን ፣መሳርሒ ህንፃ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ዝስዕቡ ረቁሕታት ተማልኡ መቅረብቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መስከረም 12, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 20, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ኣስገለ ፅምብላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን:
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ግብሪ መንግስቲ ከፊሉ ናይዚ ዘበን ፍቃድ ንግዲ ዘሐደሰ

2 መረዳእታ መለለዩ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ዘለዎ

3 ናብ ዝርዝር መቅረባየነት ዝተመዝገበን ዘሐደሰን

4 ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋባይ ኮይኑ ናይ ወርሒ ሓምለ 2007 ዓ• ም ፀብፃብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከቅርብ ዝክእል

5 ኩሉ ዝተሓተተ መረዳእታ ዋናን ቅዱሑን ከቅርብ ዝክእል

6 ዝተመልአ ሰነድ ጨረታ ሓደ ፖስታ ዋና ሓደ ፖስታ ቅዳሕ በበይኖም ብሓደ ዓብዩ ፖስታ ተዓሽጉም ክቀርቡ ኣለዎም

7 ተጫራታይ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ወይንም ቢድቦንድ ንሕድሕድ 5000 ቅርሺ ብሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

8 ተጫራቲ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተለጠፈሉ ወይንም ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ንሕድሕድ ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምዉሳድ ዝርዝር ዋግኡ መሊኡ ኣብቲ ከይዲ ስራሕ ዝተዳለወ ሳነዱቅ ጨረታ ኣታዊ ክገብር ዝክእል

9 እቲ ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 3 መስከረም ክሳብ 20 መስከረም 2008 ዓ •ም ሰዓት 4 :00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዘሎ መዓልትታት ኮይኑ ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 20 መስከረም 2008 ዓ •ም ሰዓት 4: 00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4 :30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይንድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ብግልፂ ይክፈት

10 እቲ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታተልቲ 50 መዓልትታት ኮይኑ መቅረባይ ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 15 ተከታተልቲ መዓልትታት ፅሬት ዘለዎ ንብረት ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከተማ እንዳባጉና ብናይ ባዕሉ መጋዕዝያ ክቕርብ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ካብቲ ዝቀረበ ንብረት 20 ሚኢታዊ ናይ ምዉሳክን ናይ ምንካይን መሰል ኣለዎ
12 እቲ ቤት ፅሕፈትነና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346610255 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ፡፡

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle